# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 34 ዓመት ቁ.77 ዓርቢ 29 ሕዳር 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
እኹል ጸሓይ ብርሃን ንልዋም ድቃስ



ገጽ 3



"ኣደይ'ያ ጸላዊት ገድላዊ ጠመተይ"

ገጽ 4
ዕርክነት ዘጠልቦም ነገራት



ገጽ 5
ጽውጽዋያት መለኰታዊ ስርወ-ንግስነት. . .



ገጽ 7
ሜሮን ናይ ፊልሚ ኤርትራዊ ፕሮፈሽናል ዓለሚ ኩዕሶ




## ሚላኖ፡ ውዳበታትን መንእሰያትን ህግደፍ ጉባኤ ኣካዪደን





ውዳባታት ህግደፍን መንእሰያት ህግደፍን ንኡስ ጨንፈር ሚላኖ - ኢጣልያ፡ ብ24 ሕዳር ጉባኤ ኣካዪደን፡፡

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ብዛዕባ'ተን ውዳባታትን ሃገራዊ ኣበርክቶኦንን ዝምልከት መግለጺ ዝሃበ ኣቦ-መንበር ሃገራዊት ሽማግለ ኢጣልያ ኣቶ ዑቕባይ ፍረመድህን፡ ውዳባትካ መድረኽ ብዝጠልቦ መልክዕ ምውርጻጽ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ኣገንዚቡ፡፡

ጉባኤኛታት ኣብ ዝቐረበ ጸብጻባት ድሕሪ ዘካየድዎ ክትዕን ገምጋምን ሓደስቲ ኣካየድቲ ኣካላት መሪጾም፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ሚላኖ ኣቶ ተኽለሰንበት ኢማም፡ ንጉባኤኛታት ስለ'ቲ ዘርኣይዎ ዕቱብነት ድሕሪ ምምጓሱ፡ ሓደስቲ ዝተመርጹ ኣካየድቲ፡ ኣሰርቶም ቀዳሞት ብምስዓብ ብተወፋይነት ከም ዝሰርሑ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገለጹ፡፡

እዚ ከም'ዚ ኣሉ እንከሎ፡ ውዳብ ሃማደኤ ዞባ ኤውሮጳ ብ23 ሕዳር ዓመታዊ ኣኼባኡ ኣቃንዑ፡፡

ተሳተፍቲ፡ ገምጋም ስራሕ ብምክያድ ኣብ መደብ 2025 ድሕሪ ዝገበርኦ ዘተ፡ ኣበርክቶኦን ኣብ ሃገራዊ መደባት ልምዓት ከም ዝዕዝዝ ኣረጋገጹ፡፡

## ሚ/ጥዕና፡ እማመ ሃገራዊ ቀረብ መድሃኒታት ኣጽዲቑ

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ብ26ን 27ን ሕዳር ኣብ ኣዳራሽ 'ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ' ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ መላእ ሃገር ዝመጽኡ ሰብ ሞያ ጥዕና ዝተሳተፍዎ ሃገራዊ ዓውደ-ዘተ፡ እማመ ሓድሽ ሃገራዊ ዝርዝር ቀረብ መድሃኒታት ኣጽዲቑ፡፡

እቲ ኣብ ትካላት ጥዕና ቀረብ መድሃኒት ብርትዓዊ ዋጋ ንምስፋሕን ርትዓዊ ኣጠቓቕማ መድሃኒታት ንምብራኽን ዝቐረበ እማመ፡ ንሸዱሽተ ኣዋርሕ ብዝተኻየደ መስርሕ ምመያ ተኸሊሱን ሰፊሑን ዝቐረበ'ዩ፡፡

ግዚያዊ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ጥዕና ዶ/ር ኀይትኣም መብራህቱ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምኽላስ ቀረብ ውሑስ፡ ውጽኢታውን ርትዓውን መድሃኒታት ኣብ መላእ ሃገር ንምስፋሕ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ቀዳምነት ሂቡ ካብ ዝሰርሓሎም መዳያት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቲ ተዳልዩ ዘሎ ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታት፡ ኣብ ምስፋሕ ቀረብን ርትዓዊ ተጠቃምነትን ልዑል ተራ ከም ዘህልዎ ሓቢሩ፡፡

ካብ ሃገራዊ መደብ ዝርዝር መድሃኒት - ፋርማሲስት ኑሩ ዓብዱ ኣብ ዘቕረቦ ሓበሬታ፡ ኣቐዲሙ'ውን ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒታት ከም ዝነበረ፣ ሕጂ ድማ ተኸሊሱን ሰፊሑን ንዝያዳ ውሑስ ውጽኢት ከም ዝተዳለወ ብምግላጽ፡ ርትዓዊ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ኣብ መላእ ሃገር ንምስፋሕ ዘህልዎ ተራ ብቐሊሉ ከም ዘይጥመት ኣገንዚቡ፡፡

ሓላፊ ኣሃዱ ኣገልግሎት ሓበሬታ መድሃኒት - ፋርማሲስት ተስፋማርያም ኣለም ድማ፡ እቲ እማመ፡ ትካላት ጥዕናን ካልኦት መሻርኽትን ዝለዎም ዝርዝር መድሃኒታት ንምሕዳስ ኣብ ዝሰደድዎ ሓበሬታ ምርኩስ ዝገበረ ምዃኑ ብምሕባር፡ እቲ ናይ ምምማይ መደባት ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ከም ዝተሰላሰለ ኣብሪሁ፡፡



ስእሊ- የውሃንስ መብራህቱ

## ሜጀር ብጹእኣምላኽ ባርያጋብር ተሰዊኡ

ጉዳም ተጋዳላይ - ሜጀር ብጹእኣምላኽ ባርያጋብር ጉብራይ፡ ብ27 ሕዳር ኣብ መበል 76 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ፡፡

ኣብ ወርሒ ግንቦት 1975 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ተጋዳላይ ብጹእኣምላኽ፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ክፍሊ መጉዓዝያ፡ ሎጂስቲክ ኣጸዋር፡ ኩባንያ መጉዓዝያ ትራንስፖርትን ኩባንያ ህንጻ ሃገርን ተመዲቡ፡ ብጠቕላላ ን49 ዓመታት ኣብ ምምጻእ ናጽነት፡ ምኽባር ልኡላውነትን ህንጸት ሃገርን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ፡፡



ስውእ ተጋዳላይ ሜጀር ብጹእኣምላኽ ባርያጋብር፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 2 ደቂን እዩ፡፡

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 28 ሕዳር ልክዕ ፍርቂ መዓልቲ፡ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ፡፡

ኩባንያ ህንጻ ሃገር፡ ብመስዋእቲ ጉዱም ተጋዳላይ ሜጀር ብጹእኣምላኽ ባርያጋብር ጉብራይ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ይምኒ፡፡

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## እኹል ጸሓይ ብርሃን ንልዋም ድቃስ

ልዋም ድቃስ ነቲ ዝተመጣጠነ መግብን ኣካላዊ ምንቅስቓስን ንጥዕናና ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ብኣንጻሩ፡ ስእነት ድቃስ ናይ ኣእምሮ ጸገማት ከምዝዕብል፣ ክብደት ሰብነት ክንወስኽን ብዘይተፈላለዩ ሕማማት ክንጥቃዕን ይገብረና፡፡

ብርሃን ጸሓይ ንኽኑታት ድቃስና ዝጸሉ ዝዓበየ ደጋፊ ረቛሒ እዩ፡፡ ከምቲ ኩሉና ንርድኦ ብቐሊሉ ንኽንድቅስ ጸልማት ክኸውን እዩ ዘለዎ፡፡ ምትእስሳር ብርሃንን ድቃስን ግና ካብቲ እንሓስቦ ንላዕሊ ዕምቈት ኣለዎ፡፡

ብርሃን ጸሓይ፡ መዓስ ንድቅስን መዓስ ንትቅሕን ንዝቆጻጸር ናይ ኣካላትና ሰዓት (circadian rhythm) ኣብ ምቁጽጻር ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ፡፡ ብዘወሳኺ፡ ብርሃን ጸሓይ ድቃስ ንዘበራትዕ ‘ሜላቶኒን’ (melatonin) ንዝተባህለ ሆርሞን ኣብ ምፍጣር ኣገዳሲ እዩ፡፡

መዓልታዊ ንጹሓይ ብርሃን ንምቅላዕ ነሕልፎ ሰዓታት፡ እንተላይ እቲ ኣብ ናይ ሰዓታት ናይ መዓልትን ክንደይ ሰዓታትን ዝዕበል፡ ኣብ ኩነታት ድቃስና ጽልዋ ኣለዎ፡፡ ስለዚ፡ ኣብ መንጎ ብርሃን ጸሓይን ድቃስን ዘሎ ምትእስሳር ብዕምቆት ምፍላጥ፡ መዓስ ናብ ዓራት ትድይብ፡ መዓስ ከ ጸሓይ ትጽሎ ንኽትፈልጥ ሓጋዚ እዩ፡፡

ብኸመይ ብርሃን ጸሓይ ንድቃስና ይጸልዎ?

ብርሃን ጸሓይ፡ ሰዓት ኣካላትና (circadian rhythm)፡ ኣብ ምፍራይ ‘ሜላቶኒን (melatonin) ሆርሞን ከምኡ’ውን ኣብ ዑደት ድቃስ (sleep cycles) ልዑል ጽልዋ እዩ ዘለዎ፡፡

ኣብ ሰዓት ኣካላትና (circadian rhythm)፦

ሰዓት ኣካላትና፡ ኣካላትና ዝከናወና ዝተፈላለዩ ዕማማት ዘመሓድር ወሸጣዊ ሰዓት እዩ፡፡ መዓስ ንድቅስን መዓስ ንበራበርን ዝቈጻጸር’ውን ሰዓት ኣካላትና እዩ፡፡ ሰዓት ኣካላትና ብሓንጎልና እዩ ዝንቀሳቐስ፡ ብዋዕላ ከሰርሕ እንተኾይኑ ድማ እኹል ብርሃን ጸሓይ ክረኽብ ግድን እዩ፡፡

ጨራ ጸሓይ ብዓይንና ኣትዩ ናብ ረቲና (ክፋሊ ዓይኒ) ምስ በጽሐ፡ ብጥሆዮታት ተላጊዙ ናብ ሓንጎልና መልእኽቲ ይሰድድ፡፡ በዚ ድማ፡ ሰብነትና ሰዓታት ናይቲ መዓልቲ ብቐሊሉ ክለሊ ይኽእል፡፡ ሓንጎልና ድማ ነቲ ዝተቐበሎ ሓበሬታ ናብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ናይ ሰብነትና ሓበሬታ ብምስዳድ ምስ ወቕቲ ናይቲ ሰዓታት ተሳኒዮም ስርሖም/ንጥፈታቶም ክካየዱ ይእዝዞ፡፡

ወዲ ሰብ ተፈጥሮ ንዘዋደሎ ብርሃን ጸሓይ ጥራይ ዝተቓለዐ ነይሩ፡ እንተዘየሎውን፡ ጸሓይ ክትዓርብ ምድቃስ፡ ጸሓይ ክትበርቕ ድማ ምትብራባር ነይሩ፡፡ ኣብዚ ምዕቡል ዘመን፡ ብርሃን ብዝተፈላለየ መልክዑ ክፍጠር ስለ ዝተኻእለ፡ ኣብ እዋን ለይቲ’ውን ድቃስ ከይመጸና ዝኸኣ ንጥፈታት ምኪያድ ተኻኢሉ ኣሎ፡፡

ሰዓታት ኣካላትና ብመንጽር ዝረኸቦ ብርሃን ጸሓይ እዩ ዝቕጽል፡፡ ኣብ ግዜ ወጋሕታ ቀልጢፉ ብርሃን ጸሓይ ምስ እንረክብ ቀልጢፍና ካብ ድቃስና ክንበራበር ንኽእል፡፡

ኣብ ምፍራይ ‘ሜላቶኒን (melatonin)፦



‘ሜላቶኒን’ ብተፈጥሮ ኣካላትና ዘፍርዮ ሆርሞን እዩ - ብዘብርሃን ጸሓይ ድማ ይጽሎ፡፡ ኣብ ግዜ ጸልማት፡ ፒኒያል ዝተባህለ ጸኪ ናይ ሓንጎልና ብዝበዝሐ ‘ሜላቶኒን’ ክፍሪ ይተጥባዕ፡፡ ኣብ ግዜ ብርሃን ጸሓይ ግና እቲ ፍርያት ይጎድል፡፡

ምስ ምዕባይ መጠን ‘ሜላቶኒን’፡ ምትንኻስ ነርኢ፡፡ እዚ ሓደ ካብቲ እቲ ሆርሞን ድቃስ ንኽመጽኣና ዝሰርሕ ኣገባብ እዩ፡፡ ብዘወሳኺ፡ ምዕሩይ ዑደት ፍርያት ‘ሜላቶኒን’ ኣብ መዓልቲ ንሰዓታት ኣካላትና ስለ ዘመሓሪዮ - እንታኸሰሉ፡ እንድቅሰሉን ካብ ድቃስና እንበራበረሉን ሰዓታት ዳርጋ ወሰን ከም ዝኸውን ይገብሮ፡፡

ኣብ ዑደት ድቃስ (Sleep Cycles)፦

ኩሉ ድቃስ ሓደ ዓይነት ጠባይ ክህልዎ ኣይክእልን እዩ፡፡ ኣብ ንቡር ግዜ ድቃስ፡ ሓደ ሰብ ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሽዱሽተ ዝኸይድ ዑደት ድቃስ ክህልዎ ይኽእል - ነፍሲ ወከፉ ካብ 70 ክሳብ 120 ደቓይቕ ዝጸንሕ ማለት እዩ፡፡ እዞም ዑደት ናይ ድቃስ እዚኦም ብዝተፈላለዩ ደረጃታት ናይ ድቃስ ዝተሰርሑ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም - ካብ ዓይንኻ ዓሚቱካ ምድቃስ ክሳብ’ቲ ናብ ሕልሚ ዝወስደካ ሃለዋትካ ተጥፊኡሉ ዓሚቕ ድቃስ፡፡

ኣብ ግዜ ለይቲ ንብርሃን (ናይ ተፈጥሮ ብርሃን ማለት እዩ) ምቅላዕ፡ ንጽባቐ ድቃስ ጥራይ ዘይኮነ ንዑደት ድቃስ’ውን የመዛብሎ እዩ፡፡ ንብርሃን ምቅላዕ ብተደጋጋሚ ከም እትበራበር ስለ ዝገብረካ ንዑደት ድቃስ የመዛብሎ እዩ፡፡ ልዋምን ዓሚቕን ድቃስ ክትረክብ ኣይትኽእልን፡፡


ብሰንኪ ነዊሕ ናይ ነፈርቲ ጉዕዞ ዝፍጠር ናይ ድቃስ ምምዝባል (jetlag) ሓደ ኣብነት ናይ ተፈጥሮኣዊ ብርሃን ብዘይምርካብ ዝፍጠር ጸገማት ድቃስ እዩ፡፡

እኹል ድቃስ ከይረኸብና ነቒሕና ክንበራበርን ነጢፍና ክንሰርሕን ኣይንኽእልን ኢና፡፡ ሓደ ሰሶ ናይ ህይወትና ብድቃስ ኢና ነሕልፎ፡፡ ከይደቀስና ድማ ብህይወት ክንነብር ኣይንኽእልን፡፡

ኣብ እንድቅሰሉ እዋን፡ ኣካላትና ጉጅለ ርእሱ ይጽግን፡ ነቲ ኣብ ሰብነትና ዝርከብ መርዝም ነገራት ድማ የጽርዮ፡፡ ካብ ድቃስ ምስ ተበራበርና ኣካላትና ብስርዓት ንኽነዩ የኽእሎ፡፡

ዋላ ንሓጺር እዋን ድቃስ ምስኣን ንጥዕናና ኣዝዩ ሃሳዪ እዩ፡፡ ምስ ዘይንድቅስ ኣካላትና ካብቲ ንቡር ንታሕቲ ይሰርሕ፡፡

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ንልዕሊ 10 መዓልታት ከይደቀሱ ዝጸንሑ ሰባት፡ ከቢድ ናይ ምርዳእን ምግንዛብን ጸገማት፡ ከምኡ’ውን ናይ ባህሪ ለውጢ ከማዕብሉ እዮም ዝርአዩ፡፡ ገለ ካብኦም’ውን ብንቕሓም ሃተፍተፍ ናይ ምግልን ምሕሳምን ጸገማት የርእዩ፡፡




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


ዜና

## ዓዲኳላ - ዘራእቲ ስድራ ስዉኣትን ጽጉማትን ብወፈራ ተዓጺዱ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ካብ ጺያቕ ማዕጸድ ንምድሓን፡ ሓረስቶት ዘቐጽ ኣእካሎም ብጽዑቕ ወፈራታትን ብናህርን ክዓጽዱ ደጊሙ ኣብ ዘተሻኸረሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ዘራእቲ ስድራ ስውኣትን ጽጉማትን ብወፈራ ተዓጺዱ፡፡

ቡቲ ብዙሳትፎ ልዕሊ 20 ሽሕ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ተመሃሮን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ኣብ 22 ምምሕዳራት ከባቢ ዝተዓመ ወፈራታት፡ ናይ 1,750 ስድራቤታት ልዕሊ 3,242 ሄክታር ከምእተዓጽደ፡ ወኪል ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ኣቶ ተስፋይ ኣብርሃ ሓቢሩ፡፡

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ካብ ሓሙሽተ ዞባታት ዝተዋጽኡ ክኢላታት ሕርሻ፡ ምስ ሓረስቶት ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ተመኩሮ ንምልውዋጥ ዝዓለመ ርክብ ኣካይዶም፡፡

እቶም ካብ ዞባታት ዓንሰባ፡ ማእከል፡ ጋሽ-ባርካ፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ደቡብን ዝመጽኡ ክኢላታት ሕርሻ፡ ምስ ኣባላት ማሕበር ኣርባዕተ ንህቢን ቤት-ትምህርቲ ግራት ሓረስቶትን ብኣካል ብምርኻብ፡ ንዘሎ ብልጫታትን ብድሆታትን ገምጊሞም፡፡

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ብጠቕላላ 1,400 ዘመናዊ ቆፎታት፡ 1,200 ባህላዊ ቆፎታትን 200 ጋብላዊ ቆፎታትን ዘውንኡ 124 ኣባላት ዝሓቑፍ ማሕበር ኣርባዕተ ንህቢ ኣሎ፡፡



## ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ናይ ተጠቃምነት ዕለቶም ዝወደቐ ሃለኽቲ ተወጊዱ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ - ንኡሳን ዞባታት ባረንቱ፡ ጎልጅን ኣምሓጀርን፡ ኣብ ትካላት ንግድን ወሃብቲ ኣገልግሎትን ብዘተኻየደ ናይ ምቁጽጻር ንጥፈታት ዝተረኽቡ ናይ ተጠቃምነት ዕለቶም ዝወደቐ ሃለኽቲ፡ ተወጊዱ፡፡

ኣባል ኣሃዱ ሕጊን ስርዓትን ባረንቱ ዘርእሰናይ እምባዬን ኣመሓዳሪ ሓውሲ ከተማ ኣምሓጀር ዓሊ-ሰዒድ ሓሰንን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ናይ ምውጋድ ስጉምቲ ዝተወስደ ሃለኽቲ፡ ዕሹግ መግብታት ዝርከቦ ዝበላሸወ ዝስተ፡ መድሃኒት ሰብን እንስሳታትን ከምኡ’ውን ጸረ ጻህያይን ባልዕን ከምዝጠቓልሉ ገሊጾም፡፡

ኣባል ቤት-ጽሕፈት ጥዕና ንኡስ ዞባ ባረንቱ ወደባት ኣሰፋውን ኣባል ፖሊስ’ቲ ንኡስ ዞባ ናስር ክርፈን ብወገኖም፡ ናይ ተጠቃምነት ዕለቶም ዝወደቐ ሃለኽቲ ዘስዕቦ ጥዕናዊ ጸገማት ከቢድ ስለዝኾነ፡ ንምቁጽጻሩ ኣብ ዝገብሩ ጻዕሪ ኩሉ ዜጋ ብንቕሓት ክሳተፍ ተማሕጺኖም፡፡

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ዕርክነት ዝጠልቦም ነገራት

ኣብ ገለ ሃገራት 30 ሓምለ መዓልቲ ዕርክነት ተባሂላ ትብዓል እያ። ደቂ-ሰብ ንምንታይ ንነብር ወይ ንሰርሕ ዝብል ሕቶ ንምምላስ፡ ብዙሓት ሊቃውንቲ ፈተናምን ይፍትኑ ኣለዉ። ፈላስፋ ኢፒኩረስ፡ ደቂ-ሰብ ንምንታይ ንነብር ወይ ንሰርሕ ዝብል ሕቶ ክምልስ እንከሎ፡ “ሓጎስ ንምርካብ”



ብዙሓት መልሲ'ዩ ዝድምር፡ ሓጎስ ከምጽኡልና ካብ ዝኽእሉ ነገራት፡ እቲ ብቐዳማይ ዝጥቀስ፡ ህላውነት ናይ ሓቀኛ ዕርክነት (friendship) እዩ። ምኽንያቱ፡ ምውናን ሓቀኛ ዕርክነት፡ ብቐንዱ ኑዩም ብገዝዚብ ክንረኽቦም ዘይንኽእል መንፈሳውን ስምዒታውን ባእታታት ህይወት ከም ፍቕሪ፡ ኣኽብሮት፡ ሓልዮት፡ . . . ወዘተ ክንረክብ ስለ ዘኽእለና'ዩ። ማርከስ ቱልዮስ ሲሰሮ፡ ብዛዕባ ዕርክነት ክገልጽ እንከሎ፡ “ዕርክነት ንሓጎስና ብዕጽፊ ብምውሳኽ የዕብዮ፡ ንወጥርና ከኣ የጉድሎ”- ክብል ይገልጽ። ሓቀኛ ዘኸውን ዕርክነት ክትምስርት እንተ ደሊኻ፡ ማዕረ'ቲ ንዑብሽካ እትሕግዞ ንኻልኦት ክትሕግዞ ፈትን። እቲ ምንታይ'ሲ፡ ግዱስ ሰብ እዩ ኣገዳሲ ዝኸውን። “ትርጉም ዕርክነት ብቓላት ዘይኮነ፡ ብግብሪ እዩ” ብምባል እዩ ሄንሪ ዴቪድ ቶሮ ዝገልጾ።

ኩልና ደቂ-ሰብ ጥዑይ ሰራሕተኛ፡ ኣሰራሒ፡ መጻምድቲ፡ ስድራ፡ ቈልዑን ካልእን ክህልወና ኢና እንደሊ። ንዑብሽና ቅኑዓት ክንኸውን ከም ዘለና ግን ንርስዕ። ኣብ ጉዕዞ ደቂ-ሰብ ፍጹም ዝበሃል ሰብ የለን። ፍጹም ዘኸውን ኣሰራሒ፡ ፍጹማት ዝኾኑ መጻምድቲ ከም ዘለዉ ክንርድኦ ይግባእ። ዕርክነት ማስዋእቲ ይሓትት እዩ። ዝምድናን ዕርክነትን ንምህናጽ ዕርክነት ንፈተና ዝተቓልዐ እዩ። ስለዚ ጥንቁቕ በል። ተጻዋርነትን ልቢ ምዕባይን ምስ ዝህልዎ ኩኡ ኣዝዩ ብሉጽ ኩይኑ ይዓቢ። ሓቀኛ ዓርኪ፡ ዓርኩ ክሀስ ወይ ክጉዳእ እንከሎ ሰቕ ኢሉ ኣይዕዘብን። ሓቀኛ ዓርኪ ንብጻዩ ካብ ዝረኽቦ የጥፍእ። ኣብ ጸገሙ ኩነት ድማ፡ ኣብ ጎደኒ ዓርኩ ደው ይብል። ኣብ ግዜ ሽግርካ ዝጠልመካ ዓርክኻ፡ ልክዕ ከምቲ ጸሓይ ምስ ጸሓየ ጽላሉ ዝሀቦ፡ ማይ ምስ መጽአ ከኣ ጽላሉ ዝምንጥሎ እዩ። ክልተኣዊ ዕርክነት ናይ ምትእምማን እምኑ መሰረት እዩ። ሰባት ብዘይተፈላለየ ድርኺት ዕርክነት ይፈጥሩ። ዕርክነት ኣብዝም ዝሰዕቡ ክምቀል ይኽእል። ናይ ታሕጓስ ዕርክነት፦ እዚ እቲ ዝምድና ማዘናግዕን መሰሓቕን ክሳብ ዘኸውን ጥራይ ኢኻ ዓርኪ ትኸውን። ደስታን ሓጎስን ምስ ዝጠፍእ ከኣ ዕርክነት ይጠፍእ። ናይ ምቾኣንት ወይ ናይ ጥቕሚ ዕርክነት ዝበሃል ከኣ፡ ሰባት ገለ ነገር ንምርካብ ኢሎም ዝምስርትዎ ዕርክነት ኮይኑ፡ ነዊሕ ዕድመ ዘይብሉ እዩ። ኣብዚ ሰለስተ ዓይነት ዕርክነት ክርአ ይኽእል እዩ። ናይ ቀረባ ዕርክነት፦ ጉርብብቲ ኣለዉኻ ብሓባር ከኣ ትነብሩ። ክትሰሕቑ፡ ዝኾነ ነገር ክትለዋወጡ፡ ወይ ንብረት ክትለማመን ጥጡሕ እዩ። ጉርብትና ምስ ዘይህሉ ወይ ምርሕሓቕ ምስ ዝመጽእ ዕርክነት የለን።

ትሕትናን ብስለትን ይሓትት። ጎደኒ-ጎደኒ እዚ ኸኣ ስስዐ ዕርክነት ስለ ዘሎ፡ ጥንቃቐ የድሊ። ናይ ወዘቢ ሌላ ብቐሊሉ እዩ ዝፍጠር፡ ሓቀኛ ዕርክነት ግና ንምህናጹ ግዜ፡ ንምዕቃቡ ከኣ ሓያል ጻዕሪ የድልዮ። ናይ ጠቓምነት ዕርክነት፦ ኣዝዩ ሃብታም፡ ብዓል ጺጋ፡ ጠበቓ፡ ሓኪም፡ መሃንድስ . . ወዘተ። ምናልባት እዚ ሓደ እዋን ጥቕሚ ክህልዎ ይኽእል እዩ፡ ኢልካ ዝምስረት ዝምድና እዩ። እዚ ኸኣ ጥቕሙ ምስ ዝጎድል እቲ ዝምድና ይጠፍእ።

ሓቀኛ ዕርክነት፦ እዚ ኣምር እዚ ድማ፡ ኣብ ክልተኣዊ ምትሕብባር ዝተመርኮሰ ዕርክነት እዩ። እዝም ሰባት እዚኦም ኣብ ልቦም ጸጸብቒ ስለ ዘለዎም ብኡ ተማእዚዞም ድማ ይጉዓዙ። ኣብ ባህርን ተወፋይነትን ዝተመርኮሰ ዕርክነት ይውንኑ። ንዊሕ ግዜ ቀጻልነት ኣለዎ። ሰናይ ድሌት ይዓስሎም። ፍቕርምን ዕርክነቶምን ከኣ ዘልኣለማዊ ይኸውን። ዝምድና ዕርክነት ትም ኢሉም ኣይኮኑን ዝመጽኡ። መጠኑ ኣለዎም። ንኽህሉ ግዜ የድልዮም። ብሉጽ ዕርክነት ዝጠልቦም ነገራት፦

- ቅንዕና፦ ቅኑዕ ሰብ ብምኳን እወታዊ ኣተሓሳስባ ይሃልኻ። ኣብ ጉዕዞኻ ፍሽኽታ ኣዘውትር፡ ምኽንያቱ ፍሽኽታ ፍቕሪ'ዩ። ኣብ ህይወትና ምንጪ ኩሉ ጸቡቕ ነገር'ዩ። ንሓደ ሰብ ድማ ኣብ ናይ ሓጺር ግዜ ሌላ ኣይትፍረዶ። መጀመርታ ኣገረምቲ ኩይናም ዝረኸቦዮም፡ ድሒሮም ካብ ትጸበዮም ንታሕቲ ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም።
- እኹል ግዜ፦ ዕርክነት ንምኽሳብ ግዜ መድብ። ኣብ ሓገሸን ዓወትን ጓህን ተሰኡ ምቕራጽን ናይ ካልኦት ክንካፈል ይግባኣና። ዕርክነት ከም ሓንቲ ተኽሊ ንኽዕንብብ ንኽሰስን ማይ ምሰታይን ምኽናኻስን የድልዮ እዩ - እዚ ኸኣ ግዜ ዝወስድ እዩ።
- ንፉዕ ሰማዒ፦ ካልኦት ክዛረቡ ከለዉ ጽን ኢልካ ስምዓዮም። ጽን ዝበሉ ንፉዓት ሰማዕቲ ብቐሊሉ ኣዕሩኽ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ምስ ካልኦት ሰባት ክትዘራረብ እንከለኻ፡ ኣብ ስምዒቶም ብሕታዊ ተገዳስነት ኣርኢ። ብዛዕባ ገዛእ ርእሶም ንኽዛረቡ ኣተባብዖዮም። ንኽተኸብሮም ተበግሶ ውሰድ። ድሕሪኡ ምሳኻ ክቐርቡ ክደልዩ እዮም። ኣብ ዘኸውን ይኹን ዕላል ትዕብልል እንተ ደኣ ኼንካ ወይ ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ብተደጋጋሚ ትዛረብ እንተ ደኣ ኼንካ ዝሰምዓካ ወይ ብዛዕባ ስምዒታትካን ድሌታትካን ዝሓሊ ሰብ ንምርካብ ክኸብደካ እዩ።
- ይቕረ በሃሊ፦ ናይ ሓቂ ዓርኪ ንናእሽቱ ጌጋታት ሸለል ኢልዎ እዩ ዝሓልፍ። ይቕረ በሃልቲ ኣዕሩኽቶም ዓቂቦም እዮም ዝነብሩ።
- ልግሲ፦ ዕርክነት ብልግሲ እዩ ዝኸሰኩ። ንኣብነት፡ ንኻልኦት ብቓላትካ ኣተባብዖም። ብቐንዕና ንምንኣድን ሃናጺ ዕላል ንምዕላልን ኣይትሰከፍ። ኣብ ድሕነት ካልኦት ናይ ሓቂ ተገዳስነት ከተርኢ ከሎኻ ናጣካ ክቐርቡ እዮም። ኣብቲ ንዓኻ ክዝብዑልካ ዝኽእሉ ነገራት ኣብ ክንዲ ምትኳር ኣብቲ ንሸኻ እተገብረሎም ነገራት ኣተኩር።

### ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

- “ጥቡብ ደቂ ሰብ - ብዓቕልን ተስፋን እዩ ዝግለጹ።”- ኣሌክሳንደር ዱማስ
- “ኩሎም ንህይወት ዝቕይሩ ሓሳባት ካብ መጽሓፍቲ ዝረኸብኩዎም እዮም።” - ኣልቨር ወንዴል
- “ኣጠማምታ ዓቢ ለውጢ ዘምጽእ ንእሽቶ ነገር እዩ።” - ዊልያም ቸርል
- “ናይ ሓድሕድና ህይወት ክነፍክስ ኢልና'ምበር፡ ንምንታይዶ ደኣ ንነብር ኣሎና ኢና።”- ጆርጅ ኤሊየን
- “ፈላስፋታት ንዓለም ብበበይኑ መንገድታት ተርጒሞማ ኣለዉ። እቲ ቀንዲ ቁምነገር ግዱ ምቕያራ'ዩ።” - ካርል ማርክስ
- “ክረምቲ እንተ ደኣ ዘይኣሕሊፍና ጽድያ ባህ ዘይክብለና ይኽእል'ዩ። ብተመሳሳሊ ሸግር እንተ ደኣ ዘየርኤና ድማ ዋጋ ራህዋ ፍጹም ኣይክንፈልጦን ኢና።” - ኣና ብራድ
- “ኩሉ እትብሎ ሓቂ ክኸውን ኣለዎ። ኩሉ ሓቂ ግን ትዛረቦ ማለት ኣይኮነን።” - ቮልቴር።
- “ልክዕነት ትዕዘብቲ ማዕረ ልክዕነት ኣተሓሳስባ እዩ።” - ካትሪን ኤል ኔልሰን
- “ቀዳማይ ሕጂ ኣብ ህይወተይ ብዙሕ ግዜ ተጋጊየ'የ፡ ብኡኡ ድማየ ለሚ ተዓዊተ ዝነበርኩ ዘለኹ። ”- ማይክል ጆርዳን

## ንውሽጥኻ ምስማዕ

ንገዛእ ርእስኻ ዕድል ምሃብን ምስማዕን ምሽቲ ብደገ ናብ ወሽጥኻ ዝኣቱ ሕብረ ደምጽታት ክትማጉትትን መጉትትካ ክትረትዖን ዓቢ ዕድል ኣሎ።



ኑኢ ብደገ ዝመጽኣካ እወታዊ ይኹን ኣሉታዊ መልእኽቲ ዝገልጽ ዘረባ እንተ ደኣ ከይመርመርካ ትቕበሎን ከተተግብሮ ትህቅንን ኬንካ፡ ኑኢ ዘለካ ዘይተብርበረ ንቑሕ ኣመለኻኽታ ኣህሰሱ፡ ግዱይ ናይ ግዱማዊ ኣተሓሳስባታት ክትከውን ስለ ዝኹብረካ፡ ካብ ጉዕዞኻ ክሰናኽለካ ይኽእል እዩ። ንኣብነት፡ ሰባት በቲ ቀደም ዝፈልጡኻን ብጉዳማዊ ትርኢትካን ክቕበሉን ክጠምጥሙኻን እዮም። እዚ ግን ከርመካ የብሉን። ምስ ውሽጥኻ ጥራይ ኢኻ ክትዛተ ዝግባእ። ምኽንያቱ ካብ ውሽጥኻ እንተ ተበጊስካ ኣብ ኩሉ መንገድኻ ክትዕወት ኢኻ፡ ብኡ መጠን ከኣ ምሉእ ኣደህቦኻ ኣብ ራኢኻ'ዩ ዝኸውን። እምነት ኣብ ጸጋማት ከይተረፈ ተኽእሎታት እዩ ዝርኢ። ብዓይኒ ምልኣት እምነት ክትርኢ ምስ ጀመርካ ከመይ ገደርካ ራኢኻ ከም እተግህዶ ክኸስተልካ እዩ። ራእዩ ንዘበራት ከምቲ ዘለውዎ ዘይኮኑ ብኸምቲ ክኾንዎ ዝግብኦም እዩ ዝርኢ። ዘረባ ካልኦት ሰሚዕካ ንሕልምኻን ራኢኻን ኣብ ሓደጋን ረጽምን ኣይተውድቆ።

ንምንታይ ቅድሚ ገለ ነገር ምግባርና እንሓትት? ምኽንያቱ ኩሉ ግዜ ቅኑዓት ኣይኮንናን። ጌጋ ኣካል ህይወትና፡ ዕብየትናን መምህርናን እዩ። ስለዚ ቅድሚ ገለ ምግባርና ወይ ምስራሕና ዘረባ ምስ እኳርጾን ውሽጥና ምስ እንሰምዖን እንወስዶም ስጉምቲ ዕላማ ይህልዎም። ኩሉ እንብሎ ቃላትና ብርድኢትን ይኸውን'ሞ፡ ዓወት እናቋመትና ብርእሰ ተኣማንነት ናብ ውሳነ ክንኣቱ የኽእለና።

## ብዛዕባ ጸባ

ኣብ ዓለም ዝዓበየት ጸባ እተፍሪ ሃገር ህንዲ እያ። ህንዲ ኣብ 2022-2023 ብድምር 208,984,430 ቶን ጸባ ኣፍርያ። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ፓኪስታን፡ ቻይና፡ ብራዚል፡ ጀርመን ዝኣመሰሉ ሃገራት፡ ድሕሪ ህንዲ ዝለዓለ ፍርያት ጸባ የፍርያ። ጸባን ውጽኢት ጸባን ብሉጽ ፕሮቲን፡ ስብሕን ካርቦሃይድሬትን ዘለዎም ኮይኖም፡ ኣዝዮም ኣገደስቲ ምንጪ



መኣዛታት እዮም።

ጸባ ላክቶስ ዝበሃል ሽኮር ኣለዎ። ብተወሳኺ ላክቶባሲለስ ዝበሃል ዘይጎድእ ባክተርያ ኣለዎ። ጸባ መጺጽ ጣዕሚ ከም ዝህልዎ ዝገብር ከኣ እዚ ላክቲክ ኣሲድ እዩ። ንጸባ ብዋዒ ምምሳን ድማ፡ ኑዩም ኣብኡ ዝርከቡ ጎደእቲ ባክተርያ ንምቕታልን ቀጺሪ ናይ ላክቶባሲለስ ንምንካይን ከምኡ'ውን ኣብ መዝሓሊ (ፍሪጅ) ክሳብ ሰለስተ ሰሙን ክጸንሕን የኽእሎ። ብላክቶባሲለስ ዝፍጠር ኣሲዳዊ ኩነታት ከኣ ጸባ ካሲይን ዝበሃል ዓይነት ፕሮቲን ክፈጥር የኽእሎ። ካሲይን ንጸባ ናብ ርጉእ ዝቕይሮ'ዩ። ብዘይ ርጉእ ድማ ከም ብዓል ቺዝ ዝኣመሰሉ ውጽኢት ጸባ ኣይምተረኽቡን። ወጽኣት ምስ እንሓፅም ጸባን ኩሎም ውጽኢት ጸባን (ብዘይካ ርጉእ) ክንወግድ ይግባኣና። ምኽንያቱ ጸባ ኣብ'ቲ ብውጽኣት ተለኺፉ ዘሎ ክፋል ቀጢን መዓንጣ እዩ ዝሓቅቕ። ብዘይካ'ዚ ላክቶስ ዝተባህለ ንውጽኣት ዘጋድድ ባእታ ስለ ዘውንን ህላውነት ጸባ መለሱ ኑኢ ሕማም ክጋድዶ ይኽእል። ርጉእ ኣብ ዝምስርሓሉ ግዜ ዘይጓድኡ ባክተርያ ምስኡ ስለ ዘለዉ፡ እዝም ዝፍጠሩ ባክተርያ ላክቲክ ኣሲድ ዝበሃል ባእታ ብምፍጣር ኑዩም ኣብ መዓናጡና ዘለዉ ዝጓድኡ ባክተርያ ከም ዝቕትልዎምን ኑኢ ውጹኣት ደው ኣብ ምባል'ውን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከም ዘለዎምን ይፍለጥ። ስለዚ ድማ ካብ ጸባን (ብዘይካ ርጉእ) ኩሎም ውጽኢት ጸባን ንግዜኡ እንተ ተሓረምና ተመራጺ እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ጽገረዳ ቴድሮስ ካሕሳይ፡ ዓብዩና ወ/ሮ ሃንስ ገብረታትዮስ ስለዝዕረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይን ምስ ኣኮና፡ 1. በርሀ ተስፎም ገብረማርያም 2. ነ/ራት ሉተብርሃን ተስፎም ገብረማርያም ተተካእቲ 4 ደቃን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

ሉተኺዳን ዘርኣብሩኽ ገብረመድህ፡ ብዓል ቤተይ ክፍለ ገብረስላሴ መሓሪ ስለዝዕረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ህልዋት ደቅናን 2 መወትቲ ተተካእቲ 7 ደቆምን ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ዳናይት ገዛኢ ተኸሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣማኑኤል ገብረሚካኤል ኣስራት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ትርሓስ ገብረስላሴ ተስፋይ፡ ሓውና ዘርእማርያም ገብረስላሴ ተስፋይ ስለዝዕረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

ሃብተማርያም መሓሪ ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ ሃብቶም መሓሪ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

ንፍታሌም ኣብርሃም ሚካኤል፡ ኣቦይ ኣብርሃም ሚካኤል ገብረስላሴ ስለ ዝዕረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቱ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ጉዕይ ጼጋይ ዘርማርያም፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ ገብረስላሴ ስለዝዕረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ኣበባ ገረየሱስ ተስፉ ተኸሳሲ ዓሊ ዑስማን ናይ ስም ምትሕልላፍ ናይ መኪና ክርክር ስለ ዘሎካ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ተጋ/ መኮንን ኀይትኦም ሰዒድ፡ ኣዴና ሉተንገስ ድራር ስለዝዕረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይን ተተካእቲ ደቆምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኤልሳ ሃይለማርያም ገዘሀይ፡ ብዓል ቤተይ ሰለሙን ከተማ ተሰማ ስለዝዕረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ምብራቕ ክብርኣብ ገብረገርግሽ፡ ብወኪል ወ/ሮ ዛይድ ተኸለጼን፡ ተኸሳሲ ኤልፒደዮ ዲላቨርሳና ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ወ/ሮ ፍረወይኒ መሓሪ ባይሩ፡ ብዓል ቤተይ ክብርኣብ ወልደሚካኤል ስለዝዘተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ት ሉተኑፋኤል ተኽለሃይማኖት ዓንደ ምባል ተሪፉ፡ የርዳኖስ ተኽለሃይማኖት ዓንደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ብመንገዲ ወለዱ ት/ዕ እሰየ ተስፋጊርጊስ ተወልደ ምባል ተሪፉ፡ እሰይ ተስፋጊርጊስ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሉተብርሃን ተስፋይ ገብረስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ገብረኪዳን ዘርኡ ዑቕባጼን ስለዝዕረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኸስተ ባህታ ሓድጉ ምባል ተሪፉ፡ ከሰተ ባህታ ሓድጉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዘመን ብርሃ ኣስመላሽ ምባል ተሪፉ፡ ዘመን ብርሃ ኣስመላሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻ ዕ ዳ ክ ር ስ ት ያ ን

ወ/ሮ ሶፍያ ተስፋኣለም ገብረማርያም፡ ብዓል ቤተይ ተወልደብርሃን ርእሶም ገብረሚካኤል ስለዝዕረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኣኽበረት ዘርኣይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ የሃና ብርሃ፡ ናይ ምመዝገባት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ልዋም ረዳእ ኀይትኦም ምባል ተሪፉ፡ ፍርቱና ረዳእ ኀይትኦም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ድሴት ተኽለወይኒ ተስፋኡ ምባል ተሪፉ፡ ሚካኤል ተኽለወይኒ ተስፋኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕብ፡፡

ኣብርሃም ዓንዳይ መሓሪ ምባል ተሪፉ፡ ኣብርሃም ዓንደ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣድሓናም ኣልኣዛር ተስፋገርግስ ምባል ተሪፉ፡ ፋኒኤል ኣልኣዛር ተስፋገርግስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሰዒዳ መሓመድ ሰሌማን ምባል ተሪፉ፡ ሰዑዳ ማሕሙድ ሰሌማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሮናን ገብርኤል ጆርጆ 2. ወ/ት ኢቫ ሰዩፈ ኣብርሃ፡ ወኪል ኣቶ ሮናን ገብርኤል ጆርጆ፡ ወላዲተይ ሰለማዊት ፍስሃየ ገብረ ቅድሚ 18 ዓመት ካብ ገዛ ምስ ወጸት ደሃይ ስለ ዘይብልና፡ ጥፍእቲ ተባሂሉ ይተኣወጀልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣሳወር ዓብደላ መሓመድዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ማሓመድ ዓብደላ መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተስፉ ኪዳማርያም ገብረገዮርጊስ፡ ናይ ኣደይ ነ/ሄር ወ/ሮ ረዘነት ገብረስላሴ ወልደገብርኤል ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣፎምያ በረኸት ዓንደም፡ ብዓል ቤተይ ማእከለ ኪዳነ በየን ስለዝዕረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሬድዋን ሳልሕ ኣደም በርሳ ምባል ተሪፉ፡ ሬድዋን ዑስማን ኣደም በርሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ሐሙድ ሰለማን ሐሙድ፡ ተኸሳሲ ናትናኤል ተወለ ዑቕባይ፡ ናይ ሰቨል ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ፈሸን ብርሃ መድሄ ምባል ተሪፉ፡ ፈሸን ዓብደልዋሰዕ መሓመድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ሚዛን ሃይለ ጸጉ፡ ብዓል ቤተይ ጼጋይ ኣብርሃም ገብረስላሰ ስለዝዕረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣነ ወ/ሮ ደሃብ ኣብርሃ ዓንደማርያም ዝተበሃልኩ፡ ኑቲ ብዕለት 20/08/2024 ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ "ኣስመራ" ምም ን/ዞባ ገጀረት ፕሎት "120" ፓርሰል/ዞን "ASP00012932' 'ፓርሰል"part of N" ከበ. ዚፕ ኮድ ገጀረት 1A755 ጎደና "ዳሕል" ቁ.ገዛ 57 ዝርከብ፡ ኣብ 250 ት/ሜትር ዝተደኮነ ገዛ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብኑብረት ቁጽሪ መዝገብ "1፡ 013323/1"ብስም ኣቶ ተስፋሚካኤል ጼጋይ ተወልደመድህንን ወ/ሮ ለምለም ወልደ ገሰሰውን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስለዝዓደግኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ደሃብ ኣብርሃ ዓንደማርያም

---

ኑቲ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ 4ተ ኣስመራ ከበ. መደበር ፕሎት 16 ፓርሰል B1 ዚፕ ኮድ 1A132 ጎደና 132-5 ቁ.ገዛ 76 ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ብቁ. ንብረት 1BRASM019238/0 ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ንዑዳጊት ወ/ሮ ኣዝመራ ኣብርሃ ሰለሙን ስለዝሸጥኩዎ'ሞ ስም ዋንነት ናይዚ ገዛ ናብ ስማ ከመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡፡ ተቓውሞ እንተ ዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጸም ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ሸዊት ኣብርሃ ታከለ

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ከበ/ዚፕ ኣኽሪያ 1A168 ጎደና 159-30 ቁ.ገዛ 13 ፕሎት 84 ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP00039382 ፓርሰል C1 ዝርከብ ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1፡008059/1 ብስም ጥኑ ከበደ ኦርኢያ ናይ ዝተመዝገበ ምስክር ዋንነት ገዛ (ሊብሬቶ) ስለዝጠፍኣኒ፣ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሓሊዞ ዝበሎ እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07481095 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ጥኑ ከበደ ኦርኢያ

---



# ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ

ብፍላይ ድማ ን6ይ ክፍሊ

**ALPHA** PROBLEM SOLVER FOR GRADE 6

## ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ኩሉ ዓይነታት ትምህርቲ ናይ 6ይ ክፍሊ ዘጠቓልለት
- ልዕሊ 850 ሕቶታት ምስ ምሉእ ኣሰራርሓን መግለጽን
- ልዕሊ 2200 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ
- ልዕሊ 500 ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመስሉ ሕቶታት ምስ መልስታቱ




ቴሌ. 07151337 ወይ 07282165

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሚሮን፡ ናይ ፈለማ ኤርትራዊ ፕሮፈሽናል ዓላሚ ኮይኑ

ዓላሚ ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤሪተል - ሚሮን ኣማኑኤል፡ ንፈረንሳዊት ፕሮፈሽናል ጋንታ ኒስ ሜትሮፖል ክዕልም ብምስምማዑ፡ ናይ ፈለማ ኤርትራዊ ፕሮፈሽናል ዓላሚ ኮይኑ።

ሚሮን ካብ ወዲ 13 ዓመት ኣትሒዙ ኣብ ውድድር ማውንቴን ባይክ ድሕሪ ምጽንባሩ፡ ኣብ ማእከላትን ዓበይትን ምስ ጋንታ ኤሪተል ብምስላፍ፡ ብውልቂን ብጋንታን ብርክት ዝበሉ ዓወታት ተጐናጺፉ እዩ። ከም ፕሮፈሽናል ተጻዋታይ'ውን ንሰለስተ ዓመት ምስ ጋንታ ባይክ ኤይድ፡ ንኽልተ ዓመት ድማ ምስ ኤም.ቲ.ኤን ከምዝተጻወተ ይዝከር።

ኣብ 2017 ካብ ውድድር ዝተኣለየ ሚሮን ካብ 2019 ክሳብ መፋርቕ 2024 ንኤሪተል ዓሊሙዋ። ኣዛ ጋንታ ኣብ ዝዓለመሉ ሓሙሽተ ዓመታት፡ ክልተ ግዜ ሻምፕዮን ዞባ ማእከልን ዋንጫ ናጽነትን ክዕወት እንከሎ፡ ዙር ዞባ ማእከል፡ ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ከምኡ'ውን ኣብ ሃገራዊ ውድድር ኣብ ናይ ግዜ (ክሮኖ ሜትር) ብርክት ዝበለ ዓወታት ኣመዝጊቡ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ናህም መተካን ኣብ ዓበይቲ ኤሰርም ተሰሪዑይ ኣብ ማእከላት ሻምፕዮን ዞባ ማእከል ክኾኑ እንከለዉ፡ ኣሰልጣኒኦም ሚሮን እዩ ነይሩ። ኣኽሊሉ ኣረፋይ፡ ሃገር ዓንደማርያም፡ ጴጥሮስ መንግስ፡ ዩኤል ሃብትኣብ፡ ያፌት ሙልጌታን ኤሽን የማነ ዝኣመሰሉ ብደረጃ ፕሮፈሽናል ዝጸወቱ ዘለዉ ተቐዳደምቲ'ውን ኣብዛ ጋንታ በዚ ዓላሚ ዝሰልጠኑ እዮም።



ሚሮን ካብ ዝመጽእ ዓመት ጀሚሩ እዩ ንኒስ ሜትሮፖል ኣብ ውድድር ክመርሓ፡ ክሳብ 13 ጥሪ 2025 ንጋንታኡ ኣብ ናይ ልምምድ ግዜ ድሕሪ ምጽማድ ድማ፡ ቦኽሪ ኣህጉራዊ ውድድሩ ኣብ እስጳኛ ከተማ ቫለንሲያ ኣብ ዝካየድ ውድድር ክመርሓ እዩ። ኣብቲ ውድድር ዓበይቲ ጋንታታት ዩ.ኣይ.ኢ (UAE)፡ ሙቪ ስታር (Movestar)፡ ከምኡ'ውን ሊድል ትረክ ዝኣመሰላ ዝሳተፋኦ እዩ።

ሚሮን ኣብዚ ደረጃ'ዚ ንኽበጽሕ ዕድል ንዘፍተትሉ ጋንታ ኤሪተል ብምምስጋን፡ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ናብ'ዛ ሓዳሽ ጋንታ ኣምሪሑ ኣሎ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሃገራዊ ፈደረሽን ብሽክለታ ኤርትራ ከም መቐጸልታ ናይቲ ዓቕሚ ሰቡ ንምምዕባል ዘካይዶ ዘሎ ስራሑ፡ ንኮሚሽነር በረኸት ዘርኡ፡ ብምትሕብባር ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ ዓለም (UCI) ንዝልዓለ ትምህርቲ ብ24 ሕዳር ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ናብ ሃገረ ጀርመን ከምዝሰደዶ ህዝባዊ ርክብት ናይ'ቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።

## ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ከረን ጀሚሩ

ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ከረን 2024፡ ዝሓለፈ ሰንበት 24 ሕዳር ፈሊሙ።

እዚ ውድድር ኣብ ናይ ማውንቴን ባይክ ክልተ ናይ ደቂ ተባዕትዮን ሓንቲ ናይ ደቂ ኣንስትዮን ምድባት፡ ከምኡ'ውን ኣርባዕተ ጋንታታት - መጉዓዝያ፡ ሬድ ሲ፡ ሻለኩ፡ ገዝ ጥኑናን ናይ ውልቂ ዝሳተፍዎ ናይ ዳ ኮርሶ ዘጠቓለለ እዩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ዳ'ኮርሶ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣብ መኽ ውድድር ኣብ ዝበረት ቅጽበታዊ ጸወታ (ኢንተርሚደይት)፡ ዳኒኤል በርሀ ካብ መጉዓዝያ፡ ፊንቅል ተዓገስ ካብ ሬድ-ሲ፡ ኢሳቕ ተወልደመድህን ብውልቂ ብምዕዋት 3፡ 2ን 1ን ነጥቢ ከምኡ'ውን 3፡ 2ን 1ን ካልኢት ከሲቦም።

ኣብ መዛዘሚ ከኣ ናታን ዘርኢዳዊት ኽቶም ክብሮም ካብ ሬድ-ሲ ከምኡ'ውን ናብል ሚከኤል ካብ ሻለኩ ኣኸቲሉ ተዓዊቱ።

ብወገን ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ኢንተርሚደይት መዚት ኪዳናይ ደሊና ዳዊትን ሩታ ጉብረመስቀልን ብምዕዋት ተመሳሳሊ ግዜን ነጥቢን ወሲደን። ደሊና ድማ ኣብ መዛዘሚ ንመዚትን ሩታን በሊጻ ቀዳመይቲ ኣትያ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ማውንቴን ባይክ ምድብ 'ለ' ክሊ ዕድመ 14-16፡ ፊንሓስ ሰመረ - ሻለኩ፡ ማኛድ የዘድ - መጉዓዝያ፡ ኣቤል ታደሰ ካብ ሻለኩ ብምኻን ኣብ ኢንተርሚደይት ክዕወቱ እንከለዉ፡ ኣብ መዛዘሚ ማኛድ ቀዳማይ ኣትዩ። ፊንሓስ ካልኣይ ዓብዱራሕማን ናስር ካብ ገዝ ጥኑና ከኣ ሳልሳይ ኣትዩ።

ኣብ ምድብ 'ሀ' ክሊ ዕድመ 17-19 ብተመሳሳሊ ኣብ ኢንተርሚደይት፡ ኣሞጽ ኣብነር፡ ስራጅ ሰልጣንን ህያብ ኣማኑኤልን ካብ ሬድ-ሲ ክሳብ ሳልሳይ ብምእታው፡ ተመሳሳሊ ነጥብን ግዜን ወሲዶም። ፍናን ሰመረ ካብ ሻለኩ ድማ ንኣቤል ምከኤል - ገዛጥኑና፡ ሰመር ሰዩም - ሬድሲ ኣኸቲሉ ዕወት ናይ'ቲ ውድድር ኮይኑ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ እዛ ከተማ'ውን ቀዳመ ሰንበት ቀጺሉ ነይሩ። ብቕዓም መስላለት ንዓንሰባ 2-ብ1 ክተሰዕሮ እንከላ፡ ኣዳል ንሓለቡት 3-ብ0 ሰዒራታ። ሰንበት ድማ ደንደን ንኣዳል 3-ብ0፡ ገንፈሎም ንናቕፋ 2-ብ1 ከምዝሰዓረኦ ወኪል ዜና ናይ'ታ ከተማ ሓቢሩ።

## ሮድሪ፡ ቅድሚ ምዝዛም እዚ ወቕቲ . . .

ሰሪ መጉዳእቲ ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ዘሎ ተጻዋታይ ማን ሲቲ ሮድሪ ቅድሚ ምዝዛም እዚ ወቕቲ ናብ ጸወታ ክምለስ ተሰፋ ገይሩ ምህላዉ ተዛሪቡ።

ሮድሪ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም ምስ ኣርሰናል 2-ብ2 ኣብ ዝተፈላለዩሉ ጸወታ እዩ ናይ ብርኪ መጉዳእቲ ገጢምዎ። ኣዚ ወቕቲ'ዚ ካብ ጸወታ ከምዝእለ ከኣ ዓላሚኡ ፐፕ ጓርድዮላ ሓቢሩ ነይሩ።

እንተኾነ፡ ሮድሪ ኣዛ ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ግጥማት ሓሙሽተ ስዕረት ሓደ ማዕረ ዘመዝገበት ጋንታኡ፡ ቅድሚ ምዝዛም እዚ ዓመተ-ስፖርት ክሕግዛ ተተሰፍዩ ኣሎ። "ዕላማይ ኣብዚ ወቕቲ ምምላስ እዩ። ኣደይ ኣይሁብን እየ፣ ዝኾነ ጌጋ ክገብር ግና ኣይደልይን እየ።" ዝበለ ሮድሪ ዕላማኡ ንወቕቲ ምሉእ ዘይናካ ንሽዱሽተ ወይ ሸውዓተ ኣዋርሕ ጥራይ ካብ ጸወታ ክእለ ምዃኑ ሓቢሩ።

ካብ ዝሓሰቦ ንላዕሊ ጸቡቕ ይመሓየሽ ምህላዉ ዝሓበረ እዚ እስጳኛዊ፡ ወላ'ኳ ኣብ ቀዳማይ ወርሒን ፈረቓን ቃንዛ ከምዝበርን ብእግሩ ክኸይድ ይኽእል ከምዝተጸገመን እንተሓበረ፡ ኣብዚ እዋን ግና ተመሓይሹ ምህላዉ ገሊጹ።



ብዘይካ'ዚ፡ ዕወት ባሎን ዲ'ኦር 2024 ዝኾነ ሮድሪ "ዓወት ባሎን ድ'ኦርን መጉዳእቲን እቲ ዝበለጸን ዝኸፍአን ክፋል ናይ ጸወታ ሂወት እዮም። እንተኾነ፡ ብዝበለጸ መገዲ ክምለስ ትንፋስ ሂቡኒ ኣሎ። ኑቲ ናይ ዓወት ስምዒት ክገልጾ ኣይክእልን እየ። ኣብ ናትና ወለዶ ኣዛ ዋንጫ ክሪስቲያኖ ሮናልዶን ሊዮኔል ሜሲን ጥራይ ክዕወቱላ ኢና ንርእ ነይርና።" ኢሉ።

ኣብ ጽምብል ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር 2024፡ ሪያል ማድሪድን ተጻወትታን ሰሪ ምትራፎም፡ ንናይ ሮድሪ ዓወት ኣህሲሰዎ እዩ። ማድሪድ፡ ኣጥቃዓይ ቪኒሽየስ ከምዘይተዓወተ ኣቐዲማ ብምፍላጣ እያ፡ ካብቲ ጽምብል ተሪፋ። ንተግባራት ማድሪድ ዘይተቐበለ ሮድሪ ከኣ "ንውሳኔኦም ኣየኽብሮን እየ" ክብል ዘይዕጉብነቱ ገሊጹ።

## ላምፓርድ፡ ዓላሚ ኮቨንትሪ ኮይኑ

ናይ ቀደም ኣከፋፋሊ ቸልሲን ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝን ፍራንክ ላምፓርድ፡ ሓዳሽ ኣሰልጣኒ ናይ'ታ ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን እንግሊዝ (ሻምፕዮን ሺፕ) እትወዳደር ክለብ ኮቨንትሪ ኮይኑ ተመዚዙ።



ላምፓርድ፡ ኣዛ ካብ ናይ ምውራድ ሓደጋ ብኽልተ ነጥቢ ኩብ ኢሉ ማበል 17 ዘላ ክለብ ንኽልተ ዓመትን ፈረቓን ክዕልማ እዩ ፒርን ወረቐትን ኣራኺቡ ዘሎ። ናብ ታሕተዋይ ሊግ ከይትወርድ ድማ ዓቢ ስራሕ ይጽበዮ።

ምዕላም እዛ ጋንታ ሓሙሻይ ናይ ስራሕ ልምዲ እዩ - ንላምፓርድ። ፈለማ ንደርቢ ካውንትሪ ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ዝዓለመ እዚ ናይ ቀደም ብሉጽ ኣከፋፋሊ፡ ንቸልሲ ሓንሳብ ብቐዋሚ ሓንሳብ ብግዝያዊ ክልተ እዋን ክዕልማ እንከሎ፡ ንኤቨርተን ከምዝሰልጠና እውን ይዝከር። ድሕሪ ግንቦት 2023 ካብታ ብግዝያዊ ዝዕላማ ዝበረ ቸልሲ ምፍናዉ ከኣ ኣብ ዕረፍቲ ጸኒሑ።

ላምፓርድ ኣብ ፋልማይ ጸወታኡ ጽባሕ ቀዳም ንካርዲፍ ሲቲ ኣብ ሜዳኦም ዓዲሙ ክጻወት እዩ።

## "ሊቨርፑል፡ ዝበለጸት ክለብ ኤውሮጳ" ፈርዲናንድ

ሪዮ ፈርዲናንድ፡ ንሊቨርፑል ዝበለጸት ክለብ ኣብ ኤውሮጳ ኢሉዋ - ረቡዕ ምሸት ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣብ ልዕሊ ሪያል ማድሪድ ዓወት ድሕሪ ምምዝጋባ።

ኣብ ሜዳኣ ዝተጻወተት እዛ ክለብ፣ ድሕሪ ዕረፍቲ ካብ ኣሌክሲስ ማክ ኣሊስተርን ኮዲ ጋክፖን ብዝረኸበቶን ሸቶታት፡ ነታ ዓርሞሸሽ እስጳኛዊት ክለብ 2-ብ0 ኣሰኒፋታ። ካብ ሓሙሽተ ግጥማት ምሉእ 15 ነጥቢ ብምውህላል ከኣ ብሓዳሽ ኣወዳድባ ንዝጀመረ ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ ትመርሖ ኣላ።

ድሕሪ'ዚ ጸወታ፡ ኣዛ ጋንታ ክውድስ ዝተሰምዐ ፈርዲናንድ፡ "ኣብዚ እዋን እታ ዝበለጸት ክለብ ኣብ ኤውሮጳ መሲላ ኣላ። እቶም ተጻወትቲ ሸውሃቶም ክፉት ኮይኑ እዮም ዝጻወቱ ዘለዉ። በዚ ዘመዝገብዎ ወጽኢት ዝዓግቡ እውን ኣይመስሉን ኣለዉ። ከም ብርቱዕ ክልቢ እዮም ንተጻወትቲ ኣንጻር ጋንታኦም ዝሃድንዎም ዘለዉ። ቅሳነት/ህድኣት ከኣ ረኺቦም ኣለዉ።" ኢሉ።

ንሊቨርፑል መሳጢት ጋንታ ገይሩዋ ዘሎ ኣርነ ስሎት ብወገኑ፡ ኩሉ ግዜ ጸወታ ክትዕወት - ብፍላይ ከኣ ኣብ ከምዚ ዝበለ ዓቢ ግጥም ክትዕወት ጸቡቕ ምዃኑ ገሊጹ። እዚ ሆላንዳዊ፡ "እዚ ዓወት ኣብ ናይ ምድብ ጸወታ እንተዘይኮነ'ውን ነይሩ፡ ዝበለጸ ምኾነ። ኣብዚ መድረኽ ኳንካ ነዚ ዓወት ክሳብ ክንደይ ዓቢ እዩ ክትመዝኖ ከቢድ እዩ። ኣብ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ጸወታ ምስ እንሰዕሮም ግና፡ ዝዓበየ ዓወት ክኸውን እዩ።" ኢሉ።

ስሎት፡ ንፍጹም ቅላዕ ከይላን ምባፐ ዘድሓነ ሓላዊ ልዳዩም ካዎሚን ከለሀርን ኑቲ ንምባፐ ካብ ጸወታ ወጻኢ ዝገበረን ናይ ሸቶ ቀረብ ዘርከተን ኮኖር ብራድሊይን ድማ ኣመዝጊኑ። ቀዳማይ ሓላዊ ልዳት ኣሊሶንን ናይ የማን ክንፊ ተኸላኻሊ ኣርኖልድን ብዝተፈላለየ መጉዳእቲ ካብ ጸወታ ተኣልዮም ስለዘለዉ፡ እዮም፡ እዞም ክልተ ተጻወትቲ ናይ ምስላፍ ዕድል ረኺቦም።



## ዜና ብሓጺሩ

* ዓላሚ ቸልሲ ኢንዞ ማሬስካ፡ ሓለቓ ጋንታኦም ሪስ ጄምስ መዓስ ብቑዕ ኮይኑ ናብ ጸወታ ከምዝምለስ ከምዘይፈልጦ ገሊጹ።

ብሰንኪ ተደጋጋሚ መጉዳእቲ ሰሩዕ ጸወታ ክካይድ ተጸጊሙ ዘሎ ጄምስ፡ ዝሓለፈ ወርሒ እዩ ካብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ናብ ጸወታ ተመሊሱ። ዳግማይ መጉዳእቲ ስለዝደገሞ ግና፡ ካብቲ ንሌስተር 2-ብ1 ዝሰዓሩሉ ናይ ዝሓለፈ ቀዳም ጸወታ በኺሩ።

ማሬስካ፡ "ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ይመሓየሽ ኣሎ። ክንደይ መዓልታት ከድልዮ እዩ ግና ንፈልጦ የብልናን።" ክብል፡ ምልሶቱ መዓስ ምዃኑ ከምዘይተፈልጠ ሓቢሩ። ብመሰረት ክኢላታት ሕክምና ግና፡ ወርሒ ታሕሳስ ቅድሚ ምዝዛማ ክምለስ ትጽቢት ኣይግበረሉን።

* ኣጥቃዓይ ባየር ለቨርኩሰን ፍሎሪያን ዊርትዝ፡ ናይዛ ሰሙን ዝበለጸ ተጻዋታይ ሻምፕዮንስ ሊግ ተባሂሉ። እዚ ጀርመናዊ፡ ኣብታ ጋንታኡ ንኣርቢ ሳልዝበርግ 5-ብ0 ዝሰዓረትሉ ጸወታ ክልተ ሸቶታት ብምቑጻር፡ ደሚቑ እዩ ኣምሲዩ።

ፒ.ኤስ.ቪ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ንሻኽታር ዶኔክ 3-ብ2 ክትሰዕራ ክልተ ሸቶታት ዘመዝገበ ማሊክ ቲልማን፡ ኣታላንታ ንያንግ ቦይስ 6-ብ1 ከተንበርክኻ ክልተ ሸቶታት ዘቑጸረ ከምኡ'ውን ኣትሌቲኮ ማድሪድ ንስፓርታ ፕራጋ 6-ብ0 ክተሰዕሮ ክልተ ሸቶታት ዘመዝገበ ጁሊያን ኣልቫረስ ድሕሪኡ ተሰሪዖም።

* ኣከፋፋሊ ሪያል ማድሪድ ኤድዋርዶ ካማቪንጋ፡ ናይ ጭዋዳ ጸገም ከምዝገጠሞን ንኽልተ ወይ ሰለስተ ሰሙናት ካብ ጸወታ ክርሕቕ ምዃኑን ተገሊጹ። ሪያል ማድሪድ፡ ብዝተፈላለየ መጉዳእቲ ብርክት ዝበሉ ወሰንቲ ተጻወትቲ ከሰራ ምህላዋ ይፍለጥ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ኣመሪካ - ብትራምፕ ዝተመርጹ ሰበ-ስልጣን ምፍርራሕ ይወርዶም



ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ ብዘዓወተ ዶናልድ ትራምፕ ንዝተፈላለዩ ክፍልታትን ቤት-ጽሕፈት ዋይት ሃውስን ከገልግሉ ዝተመርጹ ሓያሎ ወልቀሰባት፡ ናይ ደወልን ጽሑፍን ምፍርራሕ ይወርዶም ከምዘሎ ተሓቢሩ፡፡

እቲ ምፍርራሕ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ንክፍሊ ምክልኻል፡ ኣባይቲ፡ ሕርሻን ዕዮን ካልእን ክመርሑ ብትራምፕ ዝተመርጹ ብውሑዱ ትሸዓተ ሰባት ከምዝጋጠመ፡ ፈደራላዊ ትካል መርመራ (ኤፍ.ቢ.ኣይ) ገሊጹ፡፡

በዚ ድማ፡ እቲ ትካል ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተን ረቡዕን ዘጋጠመ ፍጻመታት ይምርምር ኣሎ፡፡

ሓላፊ ክፍሊ ምክልኻል ክኸውን ተመሪጹ ዘሎ ፒት ሄግሰት፡ "ፈጺመ ኣይክፈርሕን እየ፡፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ከገልግል ጸዊዑኒ ኣሎ፡፡ እዚ ድማ ከተግብሮ እየ" ክብል ኣብ ኤክስ ኣብ ዘስፈሮ ጽሑፉ ሓቢሩ፡፡

ይኹን'ምበር፡ ኣብ እዋን ናይ ምረጻ ገሰጋሲ ክልተ ግዜ ፈተነ ቅትለት ዝተኻየደሉ ትራምፕ፡ ዛቢት ዝኾነ ናይ ምፍርራሕ መልእኽቲ ከምዝደበጸሖ፡ ምንጭታት ኣኽባሪ ሕጊ ንማዕከናት ዜና ኣመሪካ ሓቢሮም፡፡

ፕረዚደንት ጆ ባይደን ብዛዕባ እቶም ፍጻመታት ኣመልኪቱ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ "ዋይት ሃውስ፡ ምስ ኣኽባሪት ሕጊ ፈደራልን ጉጅለ ናይ ትራምፕን ርክብ ኣለዎ፡ ነቲ ኩነታት ድማ ብቐረባ ይከታተሎ ኣሎ" ኢሉ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ እዋናት፡ ኣብ ልዕሊ ትራምፕ ከሲታት ገበናዊ ጉዳያት ዝከታተሉ ዝነበሩ ዳያኑን ኣኽባሪት ሕግን ዝርከብዎም ካልኦት ላዕለዎት ፖለቲካውያን፡ ተመሳሳሊ ናይ ምፍርራሕ መልእኽቲታት ክሰደድ ከምዝጸንሐ ጸብጻባት ይጠቕሱ፡፡

## ሞሮኮን ሃንጋሪን፡ ምትሕብባረን ንምሕያል ተረዳዲአን

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሞሮኮ ናስር ቡሪታን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ንግድን ሃንጋሪ ፒተር ስዚጃርቶን፡ ክልተኣዊ ምትሕብባር ሃገራቶም ንምሕያል ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ርእሲ ከተማ ራባት - ሞሮኮ ስምምዕ ከምዝኸተሙ ተገሊጹ፡፡




ክልቲኦም ሚኒስተራት ድሕሪቲ ርክብ ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ ንሓባራዊ ረብሓን ሽርክነትን ክልቲአን ሃገራት ንምዕባይ ዘለዎም ተወፋይነት ኣረጋጊጾም፡፡

ብዘወሳኺ፡ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ ፕረዚደንትነት ቤት-ምኽሪ ሕብረት ኤውሮጳ ሒዛ ዘላ ሃንጋሪ፡ ኣብ መንጎ ሞሮኮን ሕብረት ኤውሮጳን ዘሎ ስትራተጂያዊ ምሕዝነት ንምሕያል ዝድግፍ ኣተሓሳስባኣ ደጊማ ከም እተረጋገጸ፡ እቲ ሓባራዊ መግለጺ ወሲኹ ሓቢሩ፡፡

ብመሰረት ካብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሞሮኮ ዝወጸ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ክልቲኦም ሚኒስተራት ቁጠባ፡ ሕርሻ፡ ባህሊ፡ ስፖርትን ቱሪዝምን ዝርከቦ ኣብ ፍሉይ ረብሓ ዘለዎም ዓውድታት ምትሕብባረን ከሐይላ ተሰማሚዐን ኣለዋ፡፡

ሞሮኮን ሃጋሪን ሎሚ ዓመት መበል 65 ዓመት ምምስራት ክልተኣዊ ዝምድናአን ከምዘኽብራ ይፍለጥ፡፡

## ሶርያ - ብመጥቃዕቲ ሰባዊ ክሳራ ወሪዱ

ዕጡቕ ጉጅለ ሓይት ታሕሪር ኣል-ሻምን (ኤች.ቲ.ኤስ) መሻርኽቱን ኣብ ሶርያ ግዝኣት ኣሌፖ ብዘካየድዎ መጥቃዕቲ ኣስታት 100 ወተሃደራት መንግስቲ ሶርያን ሰላማውያን ሰባትን ከምእተቐትሉ ተሓቢሩ፡፡

ብዘይካዚ፡ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ኣብ'ቲ ግዝኣት ኣብ ትሕቲ ወተሃደራዊ ሓይሊ ፕረዚደንት ሶርያ ባሻር ኣል-ኣሳድ ዝጸንሐ ብውሑዱ 10 ከባቢታት ኣብ ቁጽጽሩ ከምዘውዓለ ተገሊጹ፡፡

ሰራዊት ሶርያ ከም መልሰ-ግብሪ ናይ'ቲ መጥቃዕቲ ብዘኸፈቶ ተኹሲ፡ 44 ኣባላት ኤች.ቲ.ኤስ ከምዝተቐትሉ ጸብጻባት ኣመልኪቶም፡፡

ብዘወሳኺ፡ መኽዘናት ኣጽዋር፡ ወተሃደራውያን መካይን፡ ማሽነሪታትን ከበድቲ ኣጽዋርን በቲ ዕጡቕ ጉጅለ ከምእተታሕዙን ህጹናት ዝርከብዎም ሰላማውያን ሰባት ከምእተቐትሉን ኣብ ብሪጣንያ ዝመደበሩ ትካል ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላት ሶርያ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ሓቢሩ፡፡



ብመንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ዝርዝር ሽበራውያን ጉጅለታት ዝሰፈረ ኤች.ቲ.ኤስ፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ብመንግስቲ ሶርያን ሓይልታት ሩስያን ዒላማ ኮይኑ ጸኒሑ እዩ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ምስ ኣልቃዒዳ ዝነበሮ ርክብ ብምቑራጽ ዳግማይ ዝተወደበ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ሶርያ ዝሓየለ ተቓዋሚ መንግስቲ ሶርያ ኮይኑ ከምዘሎ ይግለጽ፡፡

## ሊባኖስ - ዝተመዛበሉ ዜጋታት ይምለሱ

ን13 ኣዋርሕ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሊባኖሳዊ ዕጡቕ ጉጅለ ሕዝቦላህን ክቕጽል ዝጸንሐ ደማዊን ኣዕናዊን ኩናት ዝሓለፈ ረቡዕ ብዝተበጽሐ ስምምዕ ደው ድሕሪ ምባሉ፡ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ሊባኖሳውያን ተመዛበልቲ ናብ መንበሪ ኣባይቶም ይምለሱ ከምዘለዉ ተገሊጹ፡፡

እቲ ብመንጎኝነት ኣመሪካን ፈረንሳን ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ኣብ'ታ ጽዑቕ ደብዳብ እስራኤል ዝተኻየደላ ሊባኖስ ዒቢ ሩፍታ ፈጢሩ ከምዘሎ እዩ ጸብጻባት ዘመልክቱ፡፡

ገለ ካብ'ቶም ደሮ ናብ ገዛኦም ዝተመልሱ ተመዛበልቲ፡ ኣባይቶም ብደብዳባት እስራኤል ዓንዩ ከምዝጸንሖም ጸብጻባት ሓቢሮም፡፡

ኣብ'ቲ ክካየድ ዝጸንሐ ዝርርብ ዓቢ ግደ ዝጸንሖ ኣፈኛ ፓርላማ ሊባኖስ ናቢሕ በሪ፡ ኩሎም'ቶም ብቲ ግጭት ዝተመዛበሉ ክምለሱ ጸዊዑ ኣሎ፡፡

በሪ "ናብ ኣባይትኹም፡ ናብ መሬትኩም ክትምለሱ እዕድመኩም" ብምባል ኣተባቢዑ፡፡ ይኹን'ምበር፡ መንግስቲ እታ ሃገርን እስራኤልን እቲ ኩነታት ናብ ረጋጊ ክምለስ ከምዘኽእል ኣጠንቂቖም ኣለዉ፡፡



እስራኤል፡ ነቲ ምቁራጽ ተኹሲ ከተኽብር ዝጸውዐ ቀዳማይ ሚኒስተር ሊባኖስ ናጂብ ሚካቲ ብወገኑ፡ እቲ ስምምዕ "ንሊባኖስ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ዘእቱ ክኸውን እትስፎ" ክብል ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ተዛሪቡ፡፡

## ኣውስትራልያ፡ ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ ንምግታእ ይሰርሕ

መንግስቲ ኣውስትራልያ፡ ዝርግሐ 'ኤች.ኣይ.ቪ' ክሳብ 2030 ኣብ ዘሎ እዋን ደው ክብል ሽቶ ኣቐሚጡ ይሰርሕ ከምዘሎ ተገሊጹ፡፡

ሚኒስተር ጥዕና'ታ ሃገር ማርክ ባትለር ዝሓለፈ ሓሙስ፡ ካብ 2024 ክሳብ 2030 ንዘሎ መቓን ግዜ ዝምልከት ታሽዓይ ሃገራዊ ስትራተጂ ኤች.ኣይ.ቪ. ኣውስትራልያ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እቲ ውጥን ኣብ'ታ ሃገር ምትሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ. ንምውጋድ ዝወሰድ ናይ መወዳእታ ስጉምቲ ምዃኑ ሓቢሩ፡፡

"በዚ ስትራተጂ ኣቢልና፡ ክሳብ 2030 ምትሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ. ብዝግበር እተወግድ ቀዳመይቲ ሃገር ንምዃን መንገዲ ክንጸርግ ኢና" ክብል እቲ ሚኒስተር ኣብሪሁ፡፡

ባትለር ወሲኹ፡ ኣብ ዝሓለፉ 40 ዓመታት ኤች.ኣይ.ቪ. ኤይድስ ናብ ኣውስትራልያ ካብ ዝኣቱ ንደሓር፡ መንግስቲ'ታ ሃገር ንምክልኻሉ ዝሰሰነ ስራሕ ከምዝዀመመ ኣረዲኡ፡፡



ብመሰረት'ቲ ወጺኡ ዘሎ ስትራተጂ፡ ኣብ ኣውስትራልያ ምትሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ. እንተተወጊዱ፡ ቀጺሉ'ውን መንግስቲ'ታ ሃገር ምስ'ቲ ቫይረስ ዝነብሩ ሰባት ጥዑይ ናብራ ክህልዎም ክድግፍ ምዃኑ እዩ ዝገልጽ፡፡

ይኹን'ምበር፡ ኣብ ኣውስትራልያ ካብ 2014 ክሳብ 2023፡ መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ. ብ33 ሚእታዊት ከምዝነከየ፡ ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና'ታ ሃገር የመልክቱ፡፡

ኣውስትራልያ፡ ናይ መጀመርያ ሃገራዊ ስትራተጂ ኤች.ኣይ.ቪ. ኣብ 1989 ከምዘተኣታተወት ይሕበር፡፡


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኣኽርያ | 29/11/2024 | ጎደና ሸርኢት -135፡ ከባቢ ኣኽርያ | 08370238 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services